# ስነ ምህዳራዊ ኣተኣላልያን ቁፅፅርን ኣናፁ



## እንታይ’ዩ እቲ ሓደጋ?

እዋናዊ ሕማም ኮቪድ **19** ስርዓት ቀረብ ምህርቲ ንሓደጋ ኣቃሊዒዎ ይርከብ። መብዛሕትኦን ሃገራት ዓለም ክፍጠር ዝኽእል ሕፅረት መግቢ ብፍላይ ድማ ነቶም ኣዝዮም ተቃላዕቲ/ተነቀፍቲ ዝኾኑ ክፍልታት ማሕበረሰብ /ከም እኒ ኣብ ምዕባይ ዝርከባ ሃገራት/ ዝያዳ ዝኸፍአ ጥቕዓት ከየብፅሕ ዓብዪ ስግኣት ኮይኑ ኣሎ።

እዚ ስግኣት ብምፍጣሩ ምኽንያት ነቲ በቢእዋኑ ዝርከብ ምህርቲ ኣብ ሕርሻ ቦታ ኮነ ኣብ መኽዝን ብኣናፁ ጥቕዓት ንኸይፍጠር ዝኣተወ ምህርቲ ምዕቃብ እቲ ቀዳማይ ሜላ ምክልኻል ይኸውን። ጎናጎኒ እዚ ድማ ብተሸካምነት ኣናፁ ከም እኒ ላሳን ሃንታን ዝተበሃሉ ቫይረሳትን ካልኦት መንቀልቲ ልዕሊ **60** ዝተፈላለዩ ሕማማትን ዝኾኑ ታህዋስያንን ምቅላስ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኮይኑ ይርከብ። እዚ ስነ ምህዳራዊ ኣተኣላልያን ቁፅፅርን ኣናፁ ምስ ካልኦት ሜላታት ቁፅፅር ብምውህሃድ ብፅርየትን ዓቐንን ዝሓሸ ምህርቲ ሕርሻ ጥራይ ዘይኮነስ ምቹው ኩነታት መነባብሮ ንኽህሉ ባይታ ይፈጥር።



ኣናፁ ኣብ ሕርሻ ኮነ ድሕሪ ምእካብ ምህርቲ ብምብላዕ፣ ብምብልሻውን ብምብካል/ምርካስ/ን እቶት ምህርቲ ይቕንሳ።

**24%** ካብ ሓፈሻዊ ቀረብ ምህርቲ ሃገራት ኣፍሪቃ፣ **24**% እቶት ብኣናፁ ጉድኣት ይበፅሕ። እዚ ማለት ርብዒ ቀረብ መግቢ እዚ ኣህጉር ይባኽን ማለት እዩ።

**16%** ናይቲ ብኽነት ቅድሚ ምሕፋስ ምህርቲ የጋጥም።

**8%** ድማ ድሕሪ ምእካብን ምኽዛንን ምህርቲ የጋጥም።

ፍልፍል፡ Swanepoel et al. (2017). https://journals.plos.org/plosone/article?id=10.1371/journal.pone.0174554

## ግልጋሎትን ዕዉት ፍፃመን

ኣብ ኢትዮጵያ ክልል ኣምሓራ ዝተዋደደ ወፍሪ ሜላ ኣተኣላልያን ቁፅፅርን ኣናፁ ዕዉት ብዝኾነ መንገዲ ዛዚምና። ኣብቲ ዝገበርናዮ ወፍሪ እቲ ማሕበረሰብ ዝተፈላለዩ በዝሒ ኣናፁ፣ ዝቕንሱ ሜላታት ብምትግባር ምህርቶም ኣብ ልዕሊ ምስሳኑ ከፍቶም ዝዋፈራሉ /መግሃጫ/ ዳግም ህይወት ብምዝራእ ርኡይ ውፅኢት ተረኺቡ። ሕድሕድ ሓረስታይ ኣብ ምህርቱን መግሃጫ በትኡን ከባቢ **10**% ወሰኽ ኣርእዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ መኽዝን /ድሕሪ ምእካብ ምህርቲ/ ዝበፅሕ ዝነበረ ጉድኣት ቀኒሱ። እዚ ዝረኸብናዮ ተሞክሮ ምስ ሕድሕድ ኵነታት ብምጥዕዓም እቲ መርሃ ግብሪ ካልኦት እውን ተኻፈልቲ ኮይኖም ክሕገዙ ብምግባር እቲ መደብ ኣብ ምቕፃል ይርከብ። እዚ ጉጅለ ሓምለዋይ ምቁፅፃር ኣናፁ፣ ነዚ ስነ ምህዳራዊ ኣተኣላልያን ቁፅፅርን ኣናፁ ሜላ ኣብ ምትግባር ንዝተዋፈሩ ኣብ ትግበራን ጎስጓስን ግልጋሎት ንህብ።

## ዕላማታት

ሕፅረት መግቢ ስግኣት ኣብ ዝኰነሉ እዋናት ሜላ ስነምህዳራዊ ኣተኣላልያን ቁፅፅርን ኣናፁ ብምጥቃም ኣብ እቶት ዝበፅሕ ብኽነት ምቕናስ ዓሊምና ንሰርሕ።

- ኣብ ሜላታት ስነ ምህዳር ዝተመስረቱ ፍልጡት ምህዞታት ነማዕብል፣ ነመሓይሽን ነባፅሕን።
- ንኹነታት ሕድሕድ ሃገር ብዝጥዕም መልክዕ ሜላ ምክልኻል ብምትግባር ኣብ ምቕናስ ብኽነት ምህርቲ ንነጥፍ።
- ምትእስሳር ሉላዊ /ዓለምለኻዊ/ መትከላት ኣብ ዝልሕልሐሉ እዋናት ኣብ ምጥንኻር ከባብያዊ መትከላት ነትኩር።

# ስነ-ምህዳራዊ ኣተኣላልያን ቁፅፅርን ኣናፁ (ስ.ም.ኣ.ቁ.ኣ)

Green Rodent Control

## ሓፈሻዊ ውፅኢት

- ክንክን ጥዕና ህዝቢ ተመሓይሹን ዕንወት ናውቲ ቀኒሱን
- ዝተፃረየ ዓመታዊ ምህርቲ ወሲኹን ኲነታት ሕርሻ ደንፊዑን
- ብኽነት መግቢ ቀኒሱን እቶት ተመሓይሹን
- ዘላቕነት ዘለዎ ውሑስ ኣጠቓቕማ ሃብቲ ተረጋጊፁ

### ወፍሪ ሜላ ስነ-ምህዳራዊ ኣተኣላልያን ቁፅፅርን ኣናፁ













**ሰእሊ፡** (1) ኣብነታውያን መራሕቲ; (2) ስልጠና ስ.ም.ኣ.ቁ.ኣ; (3) ምኽታት ማሕበረሰብ ኣብ ምትግባር ስ.ም.ኣ.ቁ.ኣ.; (4) ምፅራግን ምግላፍን ዓዋላትን ሳዕርን ከም ሜላ መከላኸሊ ኣናፁ

## ኣተጋባብራ ወፍሪ ስ.ም.ኣ.ቁ.ኣ

ዕዉታት ሜላታት፣

1. ገዛናን ከባቢናን ብፅሬት ምሓዝ፣ መግብታትና ኣብ ግጡም ናውቲ/ኣቕሑ/ ምቕማጥ፣ ኣናፁ ንምብራር ድሙ ምዕባይ ከምሓደ ሜላ ምጥቃም

2. ኣብ ሕርሻ ክትግበሩ ዝኽእሉ መማረፂ ሜላታት:
   - ደጋጊምካ ብምሕራስ፣ ማይ ብምውሓዝ፣ ብምቅፃል፣ ቁፅፅር መገሃጫ ዝኣመሰሉ ሜላታት ብምጥቃም ሰፈር ኣናፁ ምዕናው
   - ዝተፈላለየ ዘራእቲ ዘሳነየ ሜላ ኣዘራርኣ
   - ኣናፁ ዝምገቡ እንስሳ ዘገዳም ንክፉረዩ ባይታ ምጥጣሕ/ምምቻ/ ኣብነት ከም እኒ ጉጋ፣ ምጩ፣ ተመን፣ ሽላ፣ ኣሞራን፣ ንስሪ ወዘተ/
   - ሓባራዊ መፃወድያ ስርዓት ምፍጣር

ትግበራ እዚ ሜላ ኣብ ዳግም ህይወት ምዝራእ መገሃጫ ኮነ ብኽነት ምህርቲ ኣብ ምቕናስ እወንታዊ ውፅኢት ከም ዝረኸቡሉ ሓረስቶት ምስክርነቶም ይህቡ፡፡

ኣናፁ ምቁፅፃር ከምዝከኣል እዚ ሜላ ‘ስ.ም.ኣ.ቁ.ኣ.’ ንሓረስቶት ኣብ ምንቃሕ ህፁፅ ጎስጓስ ወፍሪ ክግበር ኣለዎ፡፡

እዚ ወፍሪ ብመንግስታውያንን ዘይመንግስታውያንን ግልጋሎት ወሃብቲ ሰብ ሞያ ሕርሻ ክምራሕ ክኽእል ኣለዎ፡፡

ኣተገባብርኡ ድማ ፈለማ ስልጠና ክልተ መዓልቲ ድሕሪ ምግባር ሓረስቶት መተግበሪ ትልሚ የዳልዉ፡፡

እዚ ትልሚ ኣብ ገዛን ካብ ገዛ ወፃኢን ኣብ ዝተፈላለየ ብርኪ ዝትግበሩ ሜላታት ስጉምቲ ዝሓዘ እዩ፡፡

ቅልጡፍ ውፅኢት እዚ ሜላ ክርአ ዝኽእል ክልተ ኣገደስቲ ነገራት የድልዩ፡፡ እዚኦም ድማ እቲ ስራሕ ብሓባር እንትስራሕን እዋኑ ሓልዩ እንትትግበርን እዩ፡፡

ውሕስነት መግቢ ንምድንፋዕ ምሳኻትኩም ንምስራሕ ድሉዋት ኢና፡፡ ስለዚ ኣብ ታሕቲ ብዝተገልፀ ኣድራሻ ሃየ ርኸቡና!

ሊወኪ ቦስማ
Lbosma@metameta.nl
MetaMeta Ressearch

ምህረቱ ዮናስ
meheretu.yonas@mu.edu.et
African Center of Excellence for Innovative Rodent Pest Management, Mekelle University

META
Netherlands Enterprise Agency